ጠቓሚ ሓበሬታ ብዛዕባ

Folkhälsomyndigheten

# ክታበት ዓባይ ሰዓል

**ዓባይ ሰዓል ልሙድ ሕማም ኢዩ ኣብ ቡዙሓት ሃገራት። ክታበት ዓባይ ሰዓል ንህጻናት ስድርኦም ካብ ዓባይ ሰዓል ብብዝሒ ዘለዋ ሃገር ናብ ሽወደን ንዝመጹ ክወሃብ ይምከር ኢዩ።**

ዓባይ ሰዓል ብባክተርያ ዝመጽእ ረኽሲ ኢዩ፡ ኣብ ኣየር ብምስዓል ድማ ይዝርጋሕ። መብዛሕትኡ ግዜ ንሳንቡእ የጥቅዕ፡ ግን ካልኦት ክፋላት ኣካልት`ውን ክልክም ይኽእል። ኣብ ቡዙሓት ኩነታት፡ እቲ ሕማም ቀስ እናበለ ይምዕብል ቀጻሊ ብዝኾነ ምስዓልን፡ ክብደት ምጉዳል ከምኡ`ውን ረስኒ እናርኣየ። እቲ ረኽሲ ንቡዙሕ ዓመታት ዘይንጡፍ ኮይኑ ኣብ ኣካላት ክጸንሕ ይኽእል ኢዩ ቅድሚ ንጡፍ ሙኳኑ። ዓባይ ሰዓል ዘይንጡፍ ኣብ ዘህልወሉ ግዜ፡ ክመሓላለፍ ኣይክእልን ኢዩ።

ዓባይ ሰዓል ልሙድ ኣይኮነን ኣብ ሽወደን። ስለዚ፡ ክታበት ነቶም ዝለዓለ ተኽእሎ ምሕማም ዘለዎም ህጻናት ጥራይ ኢዩ ዝወሃብ፡ ንኣብነት፥ ህጻናት ናይ ስድርኦም ድሕረባይታ ካብ ዓባይ ሰዓል ብብዝሒ ዘለዋ ሃገር ምስ ዝኾኑ።

## እንታይ ምክልኻል ኢዩ እቲ ክታበት ዝህብ?

እቲ ብልምዲ BCG (ቢሲጂ) ተባሂሉ ዝፍለጥ ክታበት፡ ንህጻናት ይከላኸለሎም ካብቶም ብርቱዓት ዓይነታት ዓባይ ሰዓል ከም መኒንጃይቲስ (ኣንቅጺ) ከምኡ`ውን ሓፈሻዊ ዝዝርጋሕ ዓባይ ሰዓል ተባሂሉ ዝፍለጥን። ብተወሳኺ፡ እቲ ክታበት ጽቡቕ ይከላኸል ካብ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ንዕብይ ዝበሉ ቆልዑ።

## ኣሉታዊ ሳዕቤናት ልሙዳት ኣይኮኑን

ከበድቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ካብ ክታበት BCG ኣዝዮም ዘይልሙዳት ኢዮም። ረስኒ፡ ሕማም ርእሲ ወይ ሕበጥ ናይ ሱር ዕያገነዳ ናይ ትሽትሽ ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ውሑዳት ኣጋጣሚታት፡ ዕብይ ዝበለ ቁስሊ ኮይኑ ግዜ ድማ ዝወስድ ንኽሓዊ ክህሉ ይኽእል ኢዩ።

---

## ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ብኽብረትካ ኣይትወላወል ንክትውከስ ንናይ ቆልዓ`ኻ ማእከል ክንክን ጥዕና። ብተወሳኺ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ኣብ፥

- 1177.se
- Folkhalsomyndigheten.se
- Lakemedelsverket.se

## መስርሕ ክታበት

### ቅድሚ ክታበት

ቅድሚ ክታበት፡ ናይቲ ቆልዓ ክንክን ጥዕና ነርስ ክት ፈልጥ ትደሊ እቲ ቆልዓ ከመይ ይስምዕ ከምዘሎ። ንስኻ፡ መጉዚት ናይቲ ቆልዓ ድማ ክትምልስ ኢኻ ገለ ሕቶታት። ዝኾነ ስክፍታታት እንተለካ፡ ነቲ ዕድል ተጠቂምካ ነታ ነርስ ገለ ሕቶታት ክትሓታ ትኽእል ኢኻ ብዛዕባ`ቲ ክታበት።

### እቲ ክታበት

ክታበት ዓባይ ሰዓል፡ ቆልዓኻ ብገምጋም ሽዱሽተ ሰሙን ምስ ገበረ ኢዩ ዝወሃብ። እቲ ክታበት ብመርፍእ ናብ ላዕለዋይ ቆርበት ናይ ጸጋማይ ኢድ ብም ውጋእ ይወሃብ።

### እንታይ የጋጥም ድሕሪ'ቲ ክታበት?

እቲ ክታበት ቀሊል ናይ ቆርበት ረኽሲ የስዕብ ከም ኡ`ውን ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰሙን ድሕ ሪ`ቲ ክታበት፡ ንእሽተይ ትርረት ይርአ ኣብቲ ናይ ክታበት ቦታ። እቲ ትርረት ይዓቢ ከምኡ`ውን ቀይሕ ይኾውን፡ ድሕሪ ግዜ ድማ ምጉል ዝዓቐረ ቁስሊ ክኾውን ይኽእል። እቲ ቁስሊ ድሕሪ 3 - 4 ኣዋርሕ ባዕሉ ይሓዊ። እቲ ቁስሊ ክፋት ክሳብ ዝኾነ፡ እቲ ቆልዓ ኣብ መሐንበሲ ክሕንብስ የብሉን።
ገለ ቆልዑ ዝኾነ ቁስሊ ኣይህልዎምን። ትርር ጥራይ ይብል፡ ይጠፈእ ድማ ድሕሪ ወርሒ ወይ ገለ ኣዋርሕ።

SKYDD FÖR LIVET

FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN 2020. ARTIKELNUMMER: 20156-8. TIGRINJA. GRAFISK PRODUKTION: ETC KOMMUNIKATION